# 21 ተኣሲሮም፣ ኣቦን ኣደን ምስ ትሕቲ ዕድመ ደቆምን።

18/ መጋቢት/ 2017

ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ ኣብ ዝቕጽል ነቕርቦ ኣርእስቲ ሓቢርና ነይርና። ስለዚ ዝኣተናዮ ቃልና ኣኽቢርና ድማ ምንጭታትና ብዛዕባ እሱራት ትሕቲ ዕድመን ወለድን ዝምልከት ዝርዝራዊ ሓበሬታ **ብመርትዖ** ኣሰኒና **መጽናዕታዊ ሰነድና** ኣቕሪብናዮ ኣለና። ሰናይ ምክትታል!! ጠንቂ ናይ ኩሎም እሱራት ትሕቲ ዕድመ ኣብ ሰሌዳ ከምዝተገልጸ **"ስግረ ዶብ"** ዝብል ምኽንያት፡ ናይ ወለዲ ማእሰርቲ ደሚርካ ቀሪቡ ዘሎ **ዝርዝራዊ ሓበሬታ** ዘትሓሳስበካ ምኽንያት፡ ነቲ በብጊዜኡ ክንሰምዖ ዝጸናሕና ክሳራ ዜጋታትና ብቕጽሪ ኣናወሰኸ፡ ስድራ ቤት ክበታተኑ ኣብ ሕልና ዝኾነ ዜጋ ዝፈጥሮ ስምዒት ብጣዕሚ ዘሳቕዩ። ምኽንያቱ ካብቶም እሱራት እቶም 15 ዜጋታት ትሕቲ ዕድመ 9ንደቂ ኣንስትዮን 6-ደቂ ተባዕትዮን እዮም። ካብቶም 6- ወለዲ እሱራት ድማ እተን ክልተ ደቂ ኣንስትዮ ሰብ ሓዳር ምስ በዓል ቤተንን ደቀንን እየን ተኣሲረን። ብጣዕሚ ዘሕዝን ታሪኽ ድማ እሱራት ትሕቲ ዕድመን ወለድን ኣብ ክልተ በበይኑ ቦታታት ተኣሲሮም። ማእሰርቲ ኤርትራ ብፍላይ ኣብ ትሕቲ ዕድመን ደ/ኣንስትዮን ዘኸትሎ ሞራላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጉድኣት ድማ ብጣዕሚ ከቢድ ስለዝኾነ ንምጽዋሩ ከምዘሸግሮም ሕልናዊ ግምት ይህበካ።

## ትሕቲ ዕድመ እሱራት ደቂ- ኣንስትዮ።

| ተርታ | ሙሉእ ስም | ዓመተ ትውልዲ | ዕለተ ማእሰርቲ | ቦታ ማእሰርቲ | ምኽንያት ማእሰርቲ | ዝነብርሉ ኣድራሻ - ዞባ፡ ን/ዞባ ምምሕዳር /ከተማ/ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1. | ሳሌም ፍቓዱ ገረዝጊሄር | 03/5/2004 | 08/02/2016 | ሓሽፈራይ | ስግረዶብ | ምምሕ/ከባቢ/ገጀረት- ኣስመራ |
| 2. * | ዮሳን መሓሪ ሃብተስላሴ | 09/10/2004 | 20/04/2016 | ሓሽፈራይ | ስግረዶብ | ምምሕ/ከ/ማይተመናይ- ኣስመራ |
| 3. * | ራሄል መሓሪ ሃብተስላሴ | 23/02/2001 | 20/04/2016 | ሓሽፈራይ | ስግረዶብ | ምም/ከ/ማይ ተመናይ ኣስመራ |
| 4. | ሆሳእና ጊደወን ተኽለ | 12/07/2002 | 10/03/2016 | ሓሽፈራይ | ስግረዶብ | ምም/ከ/ሰምበልኣስመራ |
| 5. | ፈቨን ቦኽረጼን በራኺ | 01/03/2003 | 04/11/2015 | ሓሽፈራይ | ስግረዶብ | ምምሕ/ከባቢ/ኣርባዕተ ኣስመራ |
| 6. | ገነት ሃብተ ተስፋምካኤል | 28/09/2004 | 11/02/2016 | ሓሽፈራይ | ስግረዶብ | ምምሕ/ከባቢ/ቲራቮሎ- ኣስመራ |
| 7. | ሰሚራ ኣሕመድ ሮሞዳን | 05/10/2004 | 26/12/2015 | ሓሽፈራይ | ስግረዶብ | ምምሕ/ከባቢ/ኣኽርያ- ኣስመራ |
| 8. | ሳልማ ኣሕመድ ሮሞዳን | 07/01/2001 | 19/03/2016 | ሓሽፈራይ | ስግረዶብ | ምምሕ/ከባቢ/ኣኽርያ ኣስመራ |
| 9. * | ዮዲት ክብሮም ተወልደ | 04/11/2003 | 27/04/2016 | ሓሽፈራይ | ስግረዶብ | ዞ/ደብ ደቀምሓረ /ምም/ከ/ደቀ |

## ትሕቲ ዕድመ እሱራት ደቂ ተባዕትዮ።

| ተ.ቁ | ምሉእ - ስም | ዓመተ ትውልዲ | ዝተኣሰረሉ ዕለት | ዝተኣሰረሉ ቦታ- | ምኽንያት ማእሰርቲ | መንበሪ ኣድራሻ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 10 | ናሆም ኪዳነ ርእሶም | 21/11/2003 | 23/04/2016 | ሓሽፈራይ | ስግረዶብ | ምምሕ/ከ/ቲራቮሎ- ኣስመራ |
| 11 | ዩኤል ብርሃነ ገብረታትዮስ | 14/03/2004 | 11/06/2016 | ሓሽፈራይ | ስግረዶብ | ምም/ከተማ/ኣኽርያ ኣስመራ |
| 12 | ሳምኤል ተስፋልደት ደብረጽዮን | 02/08/2002 | 15/03/2016 | ሓሽፈራይ | ስግረዶብ | ምም/ከተማ/ገጀረት ኣስመራ |
| 13 | ፍጹም በራኺ ግርማይ | 08/11/2003 | 24/01/2016 | ሓሽፈራይ | ስግረዶብ | ምም/ከተማ/ገጀረት ኣስመራ |
| 14 * | ኣዳም ተስፋኣለም ዑቑባሚካኤል | 19/01/2004 | 03/03/2016 | ሓሽፈራይ | ስግረዶብ | ም/ከ/ማይተመናይ ኣስመራ |
| 15 * | ሄርሞን ሃብቶም ፍሰሃየ | 30/05/2003 | 16/06/2016 | ሓሽፈራይ | ስግረዶብ | ባጽዕ/ ምም/ከተማ/ኣማተረ |

## ደቆም ኣብ ሓሽፈራይ፡ ወለዶም ድማ ኣብ 5ይ መደበር ፖሊስ ኣስመራ ተኣሲሮም።

| ተ.ቁ | ምሉእ ስም | ዓመተ ትውልዲ | ዝተኣሰረሉ ዕለት | ዝተኣሰረሉ ቦታ ከተማ ኣስመራ | ዝነበሮ ሓላፍነት /ወይ ስራሕ/ | ስም እሱር - ሓዳር ዉላዱ/ዳ/ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 16 | ሌ/ኮሎኔል- ክብሮም ተወልደ | 1956 | 12/05/2016 | 5ይ መደበር ፖሊስ | መራሒ ብሪጌድ | * ቑ.9 ዮዲት ውላዱ |
| 17* | ሌ/ኮ/ተስፋኣለም ዑቑባሚካኤል | 1958 | 22/05/2016 | 5ይ መደበር ፖሊስ | መራሒ ብርጌድ | ቑ.18 ለምለም በ/ ቤቱ |
| 18* | ወ/ሮ ለምለም ክፍሎም | 1963 | 22/05/2016 | 5ይ መደበር ፖሊስ | በ/ ቤቱ ን-ሌ/ኮ ተስፋኣለም ቑ. 17 | *ቑ.14- ኣዳም ወዶም |
| 19* | ኣቶ ሃብቶም ፍሰሃየ | 1955 | 01/07/2016 | 5ይ መደበር ፖሊስ | **ሓላፊ ክ/ህንጻ ትካል ማሽነሪ** | ቑ.20- ወ/ሮ ጽገ ዘሚኬል በ/ቤቱ እያ። |
| 20 * | ወ/ሮ ጽገ ዘሚኪኤል | 1966 | 01/07/2016 | 5ይ መደበር ፖሊስ | ቑ.19 ሃብቶም በ/ቤታ እዩ። | *ቑ.15 ሄርሞን ወዶም |
| 21* | መጀር መሓሪ ሃብተስላሴ | 1967 | 11/05/2016 | 5ይ መደበር ፖሊስ | ማ/ቤጽሕፈት ፖሊስ ኤርትራ | * ቑ- 2,3 ዘለዋ 2 ደቑ ዮሳንን ራሄልን እየን። |

ብ ክ**ፍሊ ዜናን ባህልን:** ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ - ስደግኤ ዝተዳለወ መጽናዕታዊ ሰነድ 18/ መጋቢት/ 2017

## ተወሳኺ መብርሂ:

1. * ምልክት ዘለዎም ገለ ካብ ትሕቲ ዕድመ እሱራት "**ሓሽፈራይ**": ነቶም ኣብ 5ይ መደበር ተኣሲሮም ዘለዉ ወለዲ ደቆም እዮም።

2. * ምልክት ዘለዎ እሱራት ወለዲ ናይ 5ይ መደበር ፖሊስ ኣስመራ ድማ፡ እቶም ክልተ ጽምዲ ሰብ ሓዳር እዮም። ስለዚ ገለ ወለዲ ምስ ደቆም፡ ገለ ድማ ኣቦ ኣደን ዉላዶምን ሓቢሮም ተኣሲሮም ከምዘለዉ የነጽር ሰሌዳ እሱራት። ምኽንያቱ ድማ
3. ኣብ ቍ-17 ዘሎ ሌተ/ ኮሎኔል ተስፋኣለም ዑቑባሚካኤል ኣብ ቍ- 18 ተጠቒሳ ዘላ ኣደ ወ/ሮ ለምለም ክፍሎም **በዓልቲ ቤቱ** እያ። ኣብ ቍ- 14 ተጠቒሱ ዘሎ ኣዳም ሃብቶም ድማ ውላዶም'ዩ። ስለዚ ካብ ሓደ ስድራ ቤት ሰለስተኦም ተኣሲሮም ኣለዉ ማለት'ዩ።
4. ኣብ ቍ-19 ተጠቒሱ ዘሎ ሓላፊ ህንጻ ማሺነር ዝነበረ ሃብቶም ፍስሃየ፡ ኣብ ቍ- 20 ዘላ ኣደ ወ/ሮ ጽገ ዘሚኪኤል **በዓልቲ ቤቱ** እያ። ኣብ ቍ- 15 ተጠቒሱ ዘሎ ሄርሞን ሃብቶም ድማ ውላዶም እዩ። ስለዚ ክልተ ወለድን ትሕቲ ዕድመ ውላዶም ሰለስቲኦም ተኣሲሮም ኣለዉ።
5. ኣብ ቍ- 21 ተጠቒሱ ዘሎ መጀር መሓሪ ሃብተስላሴ ድማ ምስ **ክልተ ደቁ ደሚርካ** ሳልሳይ ርእሱ'ዩ ተኣሲሩ። ንሳተን ድማ ኣብ ቍ- 2, 3 ተጠቒሰን ዘለዋ ክልተ ኣሓት ኣዋልድ ማለት ዮሳን መሓሪ፡ ራሄል መሓሪ እየን።
6. ኣብ ቍ- 16 ዘሎ ሌተ/ ኮለኔል ክብሮም ተወለደ፡ ኣብ ቍ- 9 ተጠቒሳ ዘላ ዮዲት ክብሮም ምስ ውላዱ ተኣሲሮም።
7. ክሊ ዕድመ ናይ ክልተ እሱራት ኣዴታት ምስ ዕድመ ዉላደን ኣነጻጺርካ ክትርኢ ከለኻ ድማ ዳርጋ ኣብ ዕብየተን ከምዝወለዳ የገምግመካ።
8. እሱራት ትሕቲ ዕድመ፡ ካብ ስድርኦም ተፈልዮም መብዛሕትኦም ከባቢ ዓመት ገሊኦም ድማ ዝያዳ ግዜ ተኣሲሮም ስለዘለዉ ንምጽዋሩ ከቢድ'ዩ።

**ስለዚ**፡ ናይ ትሕቲ ዕድመ ናይ ማእሰርቲ ኣትሓሕዝኡን ጨካንን ዘይሰብኣውን'ዩ። ምኽንያቱ መሰላቶም ዝተጋህሰ ኣብ ኣመጋግባ ድማ ሕጽረት ኣለዎም። ካብ ስድራ ቤቶም ተፈልዮም ብዘይፍርዲ ዓመት ምእሳር ብሓደ ወገን። ኣዴታት ድማ ምስ በዓል ቤተን ደቀንን ምእሳር በቲ ካልእ ደሚርካ፡ ኣብ **ሞራላውን ስነ ኣእምሮኣውን** ጭንቀት ዝፈጥሮ ጉድኣትን ሳዕቤንን ንክብደቱ ምግማት የሸግረካ ብጣዕሚ ድማ የትሓሳስበካ።

ኣብዚ 25 ዓመታት ድሕሪ ናጽነት ብጨካን ምልካዊ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ህዝብና ክፍጸም ዝጸንሐ ዘይሰብኣዊ በደላትን ዘይሕጋዊ ተግባርን ጸብጺብካ ኣይውዳእን'ዩ። ክሳራ ዜጋታትና ብልክዕ ንምፍላጥ ዓሙቕ መጽናዕቲ ዘድልዮ ግዜን ብቕዓትን ዝሓትት ሓደ ዓቢ ብድሆ ሃገርና እዩ።

### ስለምንታይ ወለዲ በይኖም ኣብ 5ይ መደበር ፖሊስ ኣስመራ ተኣሲሮም?

ሃገራዊ ድሕነት ዕላምኡ ንጹር ዘይኮነ ንወለዲ ከእሰሩ ክልተ ፍሉይ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ ኣሎ። ትሕዝቶ ትእዛዝ ድማ፥

1. ኣብ ሲቪል ሚኒስትሪታትን ምምሕዳራትን፡ ኣብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ይኹን ካልእ ትካላት መንግስቲ ዝሰርሑ፡ ደቆም ናብ ስግረ ዶብ ዝሰገሩ። ወይ ደቆም ክሰግሩ ዝተታሕዙ፡ ናይ **ወለዲ ምትሕብባር** ስለዘለዎ መጽናዕትን ምክትታልን ክግበረሎም ኣዚዙ።
2. መጽናዕቲ ተኻይዱ ድማ ወለዶም ክእሰሩ ኣዚዙ። ንማእሰርቲ ወለድን ናይ ኣፈጻጽማ ኣገባቡ ድማ ብ5ይ መደበር ፖሊስ ጥራይ ክካየድ ፍሉይ ዕማምን ሓላፍነትን ሂቡዎም። ስለዚ ብትእዛዝ ሃገራዊ ድሕነት መሰረት እዮም ወለዲ ኣብ 5ይ መደበር ፖሊስ ብፍሉይ ክእሰሩ ግድነት ዝኾነ።

- ኣብ መጽናዕትና ዘይተኻተቱ ብዙሓት ወለዲ ኣብ 5ይ መደበር ፖሊስ ተኣሲሮም ከምዘለዉ ይፍለጥ። እቲ ምኽንያት ደቅኹም ኣስጊርኩም። ወይ ከተሰግሩ ዝተታሕዙ ደቅኹም <u>ምትሕብባር</u> ገይርኩም ዝብል'ዩ።
- ሰሌዳ እሱራት ከምዝሕብር፡ እቶም ኣርባዕተ ወለዲ ኣብ ወርሒ ግንቦት ማለት ካብ ዕለት 11- 20-/ 05/ 2016 ተኣሲሮም። እቶም ክልተ ሰብ ሓዳር ድማ ኣብ 01/07/2016 ተኣሲሮም።

**ስለዚ**፡ ክሳብ ሕጂ ገሊኦም <u>**10 ኣዋርሕ**</u>። ገሊኦም ድማ <u>**8- ኣዋርሕ**</u> ተኣሲሮም ኣለዉ። ግቡእ መርመራ ተኻይዱ ክሲ ኣይተመስረተን። ናጻ ድዮም ገበነኛታት መርትዖ ኣይቐረበን። እሱራት ነብሶም ናይ ምክልኻል መሰሎም ከቢሩ ድማ ጉዳዮም ብሕጋዊ መስርሕ ፍርዲ ውሳኔ ኣይተዋህበን።

### ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ ዝህቦ ገምጋምን ዘመሓላልፎ ጻውዒትን:

1. ብዉፉያትና ዝቐረበ መጽናዕታዊ ሰነድ ዝርዝራዊ ብመርትዖ ድማ ዝተሰነየ'ዩ። ስለዚ ንተወፋይነቶምን ብቕዓቶምን ንሕበነሉ። ብሓደ ወገን ንጨካንን ዘይሰብኣዊ ባህርያትን ዘይሕጋዊ ተግባራት ስርዓት የቃልዕ። በቲ ካልእ መዳዩ ድማ ህዝብና ንምፍላጥ ዝገብሩዎ ዘለዉ ኣስተዋጽኦ ብስም መሪሕነትን መሰረታትን ከነምስግኖም ንፈቱ። ኩሉ ደላይ ለውጢ ድማ ብሞራል ከተባብዓና በብዓቕሙ ክትሓጋገዘና ንጽውዕ።
2. ካብዚ መጽናዕታዊ ሰነድ እንታይ ንግምግም ዝብል መሰረታዊ ሕቶ የልዕል'ዩ። ድሕሪ ናጽነት ኣብ'ዚ 25 ዓመታት ብስርዓት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ዜጋታትና ዝተፈጸሙ ዘይሕጋዊ ተግባራትን ኣብ ሃገርና ዝተፈጸሙ ዕንወት። ዋሕዚ ስደትን ኣብ ጉዕዞ ስደት ክሳብ ሕጂ ዚጋጥም ዘሎ ጃምላዊ ጥፍኣት ዜጋታትናን። ህዝብና ብጸገታውን ፖለቲካውን፡ ብኢኮኖምያውን ማሕበራውን ቅልውላዋት ይሳቐ ምህላዉ ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ክሳራና ብግቡእ ንምፍላጥ ድማ ዓሙቕ መጽናዕቲ የድልዮ። ንሱ ድማ ግዜን ከቢድ ጻዕርን፡ ፋይናንስን ሞያዊ ብቕዓትን ከምዝሓትት ከም ቅቡል ንወስዶ። ይኹን'ምበር በብዓቕምና ክንብገሰሉ ጻዕርታትና ንምሕያል ምውህሃድ ከምዘድልዮ ምዝኻኽር ኣገዳሲ'ዩ።

- ዘጋጥም ዘሎ ዕንወትን ስቅያትን ህዝብና ከም ኩሉ ኤርትራዊ የሻቕለና የሕዝነና። ከም ዝኾነ ውድብ ድማ የትሓሳስበና ስክፍታ ይፈጥረልና።

ብ ክ**ፍሊ ዜናን ባህልን:** ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ - ስደግኤ ዝተዳለወ መጽናዕታዊ ሰነድ 18/ መጋቢት/ 2017

- ንመዓልታዊ ዕንወት ህዝብና ወይ ጃምላዊ ጥፍኣት ህዝብና ኩልና ርእይቶ ንህበሉ ሕልናዊ ደገፍና ስለንገልጽ ዝምስገን ቅዱስ ተግባር'ዩ። ይኹን'ምበር ንኽፍሎ ዘለና ዋጋ ብቕዓጽርን ዓይነቱን ብጣዕሚ ይውስኽ ኣሎ። ስርዓት ኣብ ስልጣን ክሳብ ዘሎ ድማ ክቕጽል ስለዝኾነ **ካልእ ተወሳኺ ዋጋ** ከምዝሓትና ንግምግም።
- ኩልና ደለይቲ ለውጢ ዘካየድናዮ ንጥፈታት ደሚርካ ክምዘን ከሎ ኣዝዩ ዝምስገን ዓወታት ከምዘመዝገብና ዘካትዕ ኣይኮነን። ግና ከምቲ ዝግባእ ኣድማዒ ስለዘይኮነ፡ ነቶም ጉድለታትና ብሃናጺ ኣገባብ ክንእርም፡ ንሕጽረታትና ድማ ክንምልእ ምውህሃድ ከምዘድልየና ንግምግም። ምኽንያቱ ንመድረኻዊ ብድሆና ኩውንነታዊ መልሲ ሂብና ግብራዊ ስጉምቲ ከምዘድልየና ንሰማምዓሉ'ምበር ንፈላለየሉ ኣይመስለናን።

3. ካብዞም ዝተጠቕሱ ኣገማግማ ተበጊስና ድማ፡ ዕድመ ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ ንምሕጻር ከም ቀዳማይ ደረጃ ሰሪዕና እንታይ ንግበር ዝብል ኣብ ሃናጺ ጽምዶ ኣቲና፡ መፍትሒ ሓሳባትን ቅኑዕ ኣገባብ ንምርካብ ንውህሃደሉ ኣገባብ ክንማዕብል ኣገዳሲ ይመስለና።
4. ኣብ ኩሉ ሚድያታት ይኹን ማሕበራዊ መራኸብታት ዝካየዱ ዘለዉ ኣወንታዊ ምዕባሌታት ንኩሎም ተሳተፍቱ ምስጋናና ነቕርብ። ይኹን'ምበር ብማዕሪኡ ድማ ንድምጽና ዝፈላልዩና። ንሓድነትና ዘይጠምሩና ወይ ንደረጃ እምነትና ዝኸፋፍሉና። ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ካብ ቀንዲ ኣተኩሮና ዘውጽኡ ናብ ካልእ ኣንፈት ዘምርሑና ዘይመሰረታውያን ኣዕነውቲ ኣርእስታት ኮነ ኢልካ ይዝርግሑ ኣለዉ። ግዜናን ኣእምሮናን ኣህሊኾም፡ ናይ ምኽብባርን ናይ ሓሳብ ፍልልይ ምጽውዋርን ደሞክራስያዊ ባህሊ ንኸይዕምብብ ዓቢ ዕንቅፋት ይፈጥሩ ኣለዉ።

- ስለዚ፡ ኩሉ ዓቕምና ኣብቲ ቀዳምነት ዝስራዕ ኣንጻር ጸላኢና ከነተኩር። ግዜናን ኣእምሮናን ኣብ ሃናጺ ጽምዶ ከነህልኾ ነዘኻኽር።
- እቶም በዚ መንፈስ'ዚ ተበጊስኩም፡ ብውልቀ ይኹን ብጥርኑፍ ብዓቕምኹም ዘበርከትኩም ድማ ኣጆኹም ቀጽሉዎ ኢልና ነተባብዕ።
- ኩለን ፖለቲካዊ ውድባትን ኩሎም ሲቪላዊ ማሕበራትን። ኩሎም ናይ ሚድያ ኣካላትን ምሁራትን። ኩሎም ናይ መጽናዕቲ ትካላትን ኣገደስቲ ውልቀ-ሰባትን ኩሉ ደላይ ለውጢ ብሓፈሻ፥

**መደምደምታ**፥ ነዚ ህሉው ኩነታት ሃገርና ብብቕዓትን ደሞክራስያዊ ኣገባቡ ንምግጣሙ፡ በብዝጥዕም ኣገባብ በብዘለኹሞ ከባቢታት። ወይ ብግሉጽነትን ማዕረ መሰል ተሳትፍነት ዝረጋገጸሉ ሰፊሕ ዓውደ መጽናዕቲ ንምክያድ፡ ብቕሉዕን ከፉትን ኣገባብ ብቕዓት ኣወዳድባ ዘለዎ፡ ፋይናንሳዊ ምወላ ድማ ዝርከበሉ ኣማራጺታት መፍትሒ ንምርካብ ዳህሳስ ምክያድን ምውህሃዱን ኣቓልቦ ክወሃቦ ለበዋናን ምሕጽንታናን ከነቕብ ንፈቱ።

ምኽንያቱ ከም ደለይቲ ለውጢ ደምበ ተቓዉሞ በዚ ንኽዶ ዘለና ኣገባብ ኣድማዕነት ከምዘይብሉ ነቲ ኩውንነት ክንሽፍኖን ምኽንያታት ክንህበሉ ሓላፍነታዊ ኣይገብሮን'ዩ። እቲ ጉድለታት ድማ ንኹልና ጥርኑፍ ኣካላት ፖለቲካዊ ውድባት ጥራይ ዝምልከት ኣይኮነን። ንኹሉ ደላይ ለውጢ'የ ኢሉ ዝኣምን ዜጋ ብማዕረ ዝምልከቶ ሃገራዊ ሕቶ ስለዝኾነ ድማ፡ መፍትሒ ምድላይን ምርካብን ዕማም ናይ ኩሉ ሃገራዊ ግዴታ'ዩ።

ኩልና ደለይቲ ለውጢ ካብ'ዚ ጉድለት'ዚ ናጻ ክንወጽእ ኣይንኽእልን ኢና። ስለዚ ጥርኑፋት ኣካላት ይኹን ዘይተጠርነፉ ዜጋታት ኣብዝሓ ድምጺ Silent Majority ኩልና ምስ ነብስናን ሕልናናን ተመራሚርምና ጉድለትና ክንኣምን። ንምእራሙን ንምፍዋሱን ድማ ናይ ኩልና ማዕረ ዜግነታዊ ሓላፍነት ክንስከም ይግብኣና። ሓደ ደላይ ለውጢ ነቲ ካልእ ክኸሰስ ነብሱ ድማ ናጻ ከውጽእ ግና ስለዘየከባብር ኣየማዕርገልናን'ዩ ጥራይ ዘይኮነ ብቕንዱ ሓላፍነታዊ ባህርያት ኣይገብሮን'ዩ ዝብል እምነት ኣለና።

ስለዚ ኣንጻር ጸላኢና ተሰሊፍና ካብ ሓድሕዳዊ ምክሳስን ምውንጃልን ወጺና፡ ጉድለትና ንምእራም ኩውንነታዊ ገምጋም ገይርና መሰረታዊ መፍትሒ ምድላይ ጥራይኡ'ዩ ዘዋጽኣና ንዓወትና ዘቀላጥፈልና። ንሱ ድማ ደሞክራስያዊ ልዝብ ብምክያድ ጥራይ ስለዝረጋገጽ፡ ተኸባቢርና ተጻዊርና፡ ናተይ ይበልጽ ተቐበሉ ዝብል ናይ ካልኦት ሓሳባት ዘየኽብር ገዲፍና። ብኣንጻሩ ብሃናጽን ኣማራጽን ኣትሓሳስባን ናይ ኣፈጻጽማ ኣገባብን ክንወሃሃድ ኣለና። ክሉና ተሓባቢርና ተሓጋጊዝና ዘለና ፍልጠትን ተሞኩሮናን ብሸርክነት ተማላሊእና ምስራሕ'ዩ እንኮ ምርጫን ሚስጥር ዓወትናን ዝብል ኣገማጋማ ኣለና። ምስ ገምጋምና ዝሰማምዑ ከተባብዑና። ወይ ንገምጋምና ብሃናጺ ኣገባብ ምእራም። ወይ ዝተፈልየ ዝያዳ ዘማዕብል ሓሳብ --- ወዘተ ክንቅበል ድሉዋት ምዃና ድማ ከነረጋግጽ ንፈቱ።

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**: ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ - ስደግኤ

Email: uedf2012@gmail.com   Website: www.erifront.com   18/ March/ 2017